# ኣዋጅ ባንዴራ ኤርትራ ~ The Eritrean Flag

Flag: According to the Eritrean Government Proclamation No. 37/1993, The Eritrean flag is a Green, Red and Blue piece with Golden olive branch in the centre.



1. ሓጺር ኣርእስቲ
   እዚ ኣዋጅ'ዚ "ኣዋጅ ባንዴራ ኤርትራ" ተባሂሉ ይጽዋዕ።
2. ትርጉም ባንዴራ
   ባንዴራ ኤርትራ፣ ትእምርቲ ልዑላውነትን ሃገራዊ ሓድነትን መንነትን ህዝቢ ኤርትራ ኢያ።
3. ሕብርታትን ቅርጽን ባንዴራ ኤርትራ
   - ባንዴራ ኤርትራ፣ ኣብ ማእከላ ወርቃዊ ዝሕብሩ ኣቑጽልቲ ኣውሊዕ ዘለዋ ቀይሕን ቀጠልያን ሰማያውን ዝምድራ ኢያ።
   - ቀይሕ፣ ካብ ጸጋማይ ላዕለዋይ ጫፍ ንታሕተዋይ ጫፍ ብትኹል ወሪዱ፣ ካብ ነፍሰ-ወከፍ ጫፍ ናብ ማእከል ናይ የማናይ ወገን ባንዴራ ብምብጻሕ ሰሉስ ኩርናዓዊ ቅርጺ ይፈጥር፣
   - ቀጠልያ፣ ካብ ላዕለዋይ የማናይ ጫፍ ናብ ፍርቂ የማናይ ወገን ወሪዱ፣ ንትኹል ካብ ክልቲኡ ጫፋት ናብ ላዕለዋይ ጸጋማይ ጫፍ ብምቕጻል ሰሉሰ ኩርናዓዊ ቅርጺ ይሰርሕ፣
   - ሰማያዊ፣ ካብ ፍርቂ ናይ የማናይ ወገን ንታሕቲ ክሳብ ታሕተዋይ ጫፍ ካብ ክልቲኡ ጫፋት ወሪዱ፣ ምስ ታሕተዋይ ጫፍ ጸጋማይ ወገን ብምርኻብ ሰሉሰ ኩርናዕ ይሰርሕ፣
   - ብጫ (ወርቃዊ) ዝሕብሮም ሰለስተ ኣቑጽልቲ ኣውሊዕ፣ ኣብ ቀይሕ ክፋል ባንዴራ፣ ካብ ታሕተዋይ ናይ ሓባር ነጥቢ እቶም ክልተ ብየማንን ብጸጋምን ክቢ ብምስራሕ፣ እቲ ሳልሳይ ድማ ኣብ ማእከል ዚግዛጋዊ ቅርጺ ሒዙ ብምውጻእ፣ ኣብ ልዕሊ ኣንጻር መበገሲኦም ብምርኻብ ክባዊ ቅርጺ ይሰርሑ፣
4. ሕብርታትን ሓፈሻዊ ዓቐንን ባንዴራ
   A. ሕብርታት ባንዴራ ኤርትራ ብሩሃትን መሰረታውያን (Primary color) ይኾኑ።
      - ቀይሕ (Red) PMS 185
      - ቀጠልያ (Green) PMS 361
      - ሰማያዊ (Blue) PMS 279
      - ወርቃዊ (Gold) PMS 123

   B. ጎድናዊ ዓቐን ባንዴራ ዕጽፊ ቁመታ ይኸውን።
5. ትርጉም ሕብርታት ባንዴራ
   - ቀይሕ፣ ምእንቲ ሃገራዊ ናጽነትን ህዝባዊ ሓርነትን ኣብ ዝተኻየደ ሓርነታዊ ቃልሲ ዝፈሰሰ ደም ህዝቢ ኤርትራን ሓርበኛታት ደቁን የመልክት፣
   - ቀጠልያ፣ ኣብ ሕርሻን ጉስነትን ዝተሰረተ ልምዓት ኤርትራ የመልክት፣
   - ሰማያዊ፣ ሃብቲ ባሕሪ ኤርትራ የመልክት፣
   - ብጫ፣ ማዕድናዊ ሃብቲ ኤርትራ የመልክት፣
   - ኣቑጽልቲ ኣዉሊዕ፣ እተን ክቢ ዝሰርሓ 30 ኣቑጽልቲ ነቲ ብናይ 30 ዓመታት ብረታዊ ቃልሲ ዝተረኽበ ሰላምን ቀሳነትን ህዝቢ ኤርትራ የመልክታ።
6. ባንዴራ ትሰቀለሉ ቦታታት፣
   - ባንዴራ ኤርትራ ኣብ ቤት ጽሕፈት ፕረዚደንት፣ ኣብያተ ጽሕፈት ሚኒስትሪታት፣ ኮሚሽናት፣ በዓል መዚታት፣ ምምሕዳር ዞባታትን ንኡስ ዞባታትን ወረዳታትን ዓድታትን፣ ምምሕዳር ከተማታት፣ ኣብያተ ፍርዲ፣ ቤት ጽሕፈት ኣኽባር ሕጊ፣ ኣብያተ ትምህርቲ፣ ቤት ጽሕፈት ህዝባዊ ትካላት፣ ክፍላተ ሰራዊት፣ መደበራት ፖሊስ፣ ሓለዋ ዶባት፣ መራኽብን ጃልባታትን፣ ኣብ ኤምባሲታት ሃገረ ኤርትራ መዓልታዊ ትሰቀል፣
   - ኣብ ሃገራዊ በዓላት ኩለን ብሕታውያን ትካላት ባንዴራ ኤርትራ ክሰቕላ ግዴታ ኣለወን።
7. ኣብ ወሰናስና ዘፈርፈር ዘለዋ ባንዴራ ኣብዞም ዝስዕቡ ቦታታት ትትክል/ትተሓዝ፣
   - ኩሉ መዓልቲ ኣብ ቀጽሪ ቤተ-መንግስቲ፣
   - ኣብ ቤት ጽሕፈት ፕረዚደንት ሃገረ ኤርትራ፣
   - ፕረዚደንት ሃገረ ኤርትራ ኣብ ዝጥቀመላ መጓዓዝያ፣
   - ኣብ ሃገራዊ በዓላት ናብ ክብሪ ሰልፈኛ፣
   - ኣብ ኣምባሳደራት ሃገረ ኤርትራ ዝጎዓዙለን መካይን፣
8. ባንዴራ ትሰቀለሉን ትወርደሉን ግዜ
   - ባንዴራ ንግሆን ምሸትን ሰዓት 6፡00 ትሰቀልን ትወርድን፣
   - ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ፣ ባንዴራ ንግሆ ቅድሚ ምጅማር ትምህርቲ ትሰቀል፣መዓልታዊ ትምህርቲ ምስ ተወደአ ከኣ ትወርድ። ቅድሚ ምስቃልን ምውራድን ባንዴራ ከኣ ብመሰርዕ ተመሃሮን ሃገራዊ መዝሙርን ይስኑ፣

9. ንባንዴራ ዝግባእ ኣኽብሮት፡

- ባንዴራና ከም ምልክት ልዑላውነትን ናጽነትን ሃገርና መጠን ኩሉ ግዜ ብዝግባእ እኽብሮትን ጥንቃቐን
- ክትተሓዝ ይግባእ፡
- ባንዴራ ኤርትራ ኣብ እትሰቀለሉን እትወርደሉን ግዜ ኣብቲ ከባቢ ዝርከብ ዝኾነ ይኹን ሰብ ደው ብምባል ንባንዴራ ዝግባእ ኣኽብሮት ክርኢ ይግባእ።

10. ዓቐን ባንዴራ፡

ባንዴራ ኤርትራ እዚ ዝሰዕብ ዓቐናት ይህልዋ፡-

- ኣብ ዓቢ ሜዳ (square) ትሰቀል ባንዴራ፡ ዓቐና 200 x 400 cm ኮይኑ፡ ኣብ 15 ሜትሮ ዝንውሓቱ ዓንዲ ትሰቀል፡
- ኣብ ማእከላይ ሜዳ ትሰቀል ባንዴራ፡ ዓቐና 150 x 300 cm ኮይኑ፡ ኣብ ከባቢ 10-12 ሜትሮ ዝንውሓቱ ዓንዲ ትሰቀል፡
- ኣብ መሬት ኣብ ዝተተኽለ ዓንዲ ኣብ ላዕለዎት ኣብያተ ትምህርትን ክፍልታት መንግስትን ትሰቀል ባንዴራ ዓቐና 135 x 270 cm ኮይኑ፡ ክሳብ 10 ሜትሮ ኣብ ዝበጽሕ ዓንዲ ትሰቀል፡
- ኣብ ዓበይቲ ህንጻታት መንግስቲ ትሰቀል ባንዴራ፡ ዓቐና 135 x 270 cm ኮይኑ፡ ቁመት ዓንዲ 5 ሜትሮ ይኸውን፡
- ካብ ወጻኢ ሃገር ንዝመጽእ ወግዓዊ ጋሻ ንምቕባልን ኣብ በዓላትን ትሰቀል ባንዴራ፡ ዓቐና 95 x 180 cm ኮይኑ፡ ኣብ 2 ሜትሮ ዝንውሓቱ ዘንጊ ትሰቀል፡
- ኣብ ሰደቓ ፕረዚደንት ሃገረ ኤርትራ፡ ሰደቓታት ሚኒስተራትን ኣምባሳደራትን ባንዴራ ዓቐና፡ 21 x 42 cm ኮይኑ፡ ኣብ ፍርቂ ሜትሮ ዝምንውሑ ዘንጊ ትሰቀል፡
- ኣብ መኪና መራሒ ሃገርን ኣምባሳደራትን ትሰቀል ባንዴራ ዓቐና፡ 30 x 40 cm ይኸውን።

11. ዓቐን ኣቐጽልቲ ኣውሊዕ፡

እተን ኣቐጽልቲ ኣውሊዕ ሕብረን ብጫ ኮይኑ ክቢ ይሰርሓ። ናይቲ ክቢ ሕምብርቲ ኣብ ቅናት (ፍርቂ) ባንዴራ ኮይኑ፡ ካብ የማናይ ወገን ኣብ ርብዒ ጎድናዊ ዓቐን ይርከብ። ናይ'ቲ ክቢ ሰንጣቒ ሓደ ርብዒ ጎድኒ ወይ ሓደ ፍርቂ ቁመት ባንዴራ ይኸውን።

